# ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ፡ ስለምንታይ?
# ካብ ውሳኔታት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
10.09.2006

እቲ ኣብ ሓደ ውሱን መዋእል፡ ንፍጡን ምጣኔሃብታዊ ዕብየት ከምዝድግፍ ዝእመነሉ ዝነበረ፡ ምእኩል ምጣነ-ሃብታዊ ስርዓት ፍሽለቱ እናረጋገጸ ምስ ከደ፡ ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብታዊ ፍልስፍና ሓዲሽ ህይወት ረኺቡ'ዩ። ኣብ'ተን ብምብራቓዊ ኣተሓሳስባ ዝምርሓ ዝነበራ ሃገራት፡ ክስተር ዘይክእል ምጣነ-ሃብታዊ ቅልውላው ተፈጢሩ ንፖለቲካዊ ስርዓተን ዘነቓንቕ ሓዲሽ ፖለቲካዊ ህቦብላ ተላዕለ። ከም ውጽኢት እዚ ምዕባለ እዚ ከኣ መብዛሕትኣን ሃገራት ዓለም ንዕዳጋዊ ምጣነ-ሃብቲ ከም መተካእታ ዘይብሉ ስርዓተ ምጣነ-ሃብቲ ክቕበልኦ ተራእየ።

እዚ ኣብ ዓለምና ዝተረኽበ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃብታውን ምዕባሌታት ንሃገርና ውን ዝትንክፍ ነበረ። ሰውራ ኤርትራ ከም መብዛሕትኡ ሓርነታዊ ሰውራታት ዓለም ብምብራቓዊ ኣተሓሳስባ እተጸልወ ምንባሩ ዝስሓት ኣይኮነን። መብዝሕትኦም ኤርትራውያን ደሞክራስያውያን ምእኩል ምጣነ-ሃብታዊ ስርዓት ንዕብየት ሃገርና ዘገልግል ዝበለጸ ስርዓት ምዃኑ ይኣምኑ ነበሩ። ነዚ እምነቶኦም እዚ ከኣ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮታት ውድባት ኤርትራ ከንጸባርቕዎ ውን ተቓሊሶም እዮም። ድሕሪ እቲ ኣብ ዓለምና እተራእየ ዓብይ ታሪኻዊ ለውጥታት ግን ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ውን ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ክርከብ ግድን'ዩ ነይሩ።

ብፍላይ ከኣ ኣብ ቅድሚ እታ ነጻ ዝወጸት ሃገርና፡ ኣብ መንጐ'ቲ ብሓደ ሸነኽ እቲ ፍሽለቱ ዘመስከረ ምእኩል ምጣነ-ሃብታዊ ስርዓት፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ መብዝሕትኡ ሕ/ሰብ ዓለም እተቐበሎ መትከል ዕዳጋዊ ምጣነ-ሃብቲ ብጥንቃቐ ምምራጽ ዝሓትት ቀራና መንገዲ ነበረ። እቲ ዘሕዝን ግን እቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ዝሓዘ ኣካል ነቲ ፍሹል መንገዲ ክሕዝ መረጸ። ንፖለቲካን ምጣነ-ሃብትን ሃገር ኣብ ፍጹም ምቁጽጻሩ ኣእትዩ ንዕዳጋ ብኸቢድ መንግስታዊ ሓይሊ ቀይዱ፡ ንሃገራውያን ይኹኑ ንወጻእተኛታት ኣውፈርቲ ተወዝ ምባል ከልኦም፡ ንሃገርና ከኣ ኣብ መዓቀኒ ዘይርከቦ ከቢድ ምጣነ-ሃብታዊ ቅልውላው ነኾታ።

ነዚ ኩነታት እዚ ብግቡእ ዝገምገመ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ንዕብየት ሃገርና ዝድግፍ ቅኑዕ ምርጫ፡ ምርጫ ዕዳጋዊ ምጣነ-ሃብቲ ምዃኑ ኣሚኑ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ውሳኔኡ ገይሩዎ ኣሎ። ሃብቲ፡ ፍልጠት፡ ክእለት ይኹን ጉልበት ኤርትራውያን ኣብ ጥቕሚ ሃገርን ህዝብን ክውዕል ዝኽእል ምቹእ ንወፍሪ ርእሰማል ዘተባብዕ ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ ምኽታል እንተዘይኬይኑ ካልእ መዋጽኦ ከምዘየለ ብግቡእ ተገንዘበ። ኣብ ከምዚ ዝመስል ኩነታት ንደቂ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ንወጻእተኛታት ኣውፈርቲ ውን ዝስሕብ ባይታ ስለዝፍጥር ቅልጡፍ ዕብየት ክርከብ ከምዝከኣል ገምገመ።

ጉባኤ ንዕዳጋ ከም ንዕብየት ሃገርና ዘገልግል ኣገዳሲ ምጣነ-ሃብታዊ መትከል እኳ እንተረኣዮ፡ ነቲ ጐናዊ ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ጓስዩዎ ኣይሓለፈን። ኻኹሉ ወዲ ሃገር ማዕረ

ዕድል ዝህብ ኩነታት ምፍጣር ጥራይ እዃል ከምዘይኮነ ኣስተውዒሉ እዩ። ነቶም ኣብ ዝኸፍአ መነባብሮ ዝርከቡ ወገንና ካብ ዘለውዎ ሃለዋት ዝወጹሉ ደጋፊ መደባት ክሰራዕ ከምዝግብኦ ውን ርእዩ እዩ። በዚ ምኽንያት እቲ ሓፈሻዊ ኣቕጣጫ ምጣነ-ሃብታዊ መደብ ሃገር ድኽነት ተቓሊስካ ብልጽግቲ ኤርትራ ንምህናጽ ምዃኑ ኣስሚሩሉ እዩ። ነዚ ዘዐውት መንግስታውን ኮኦፖራቲቫውን ንጥፈታት ክህሉ ከምዘለዎ ውን ተመልኪትዎ እዩ።

ጉባኤ ዝወሰኖም ውሳኔታት ቀለልቲ ኣይኮኑን። ኣብ ነጻ ፖለቲካዊ ሃዋህው፡ ኣብ ኩነታት ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ፡ ኣብ ዘይምእኩል ስርዓተ ምምሕዳር፡ ንሕ/ሰብ ኤርትራ ንዓወት ምምርሑ ከቢድ ሓላፍነት ምዃኑ ርዱእ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዩ ጉባኤ ንኤርትራውያን ዲሞክራስያውያን ታሪኻዊ ሓላፍነት ክስከሙ ዝጸውዐ። ነቲ ኣብ መንጉኦም ዝርከብ ንኡስ ፍልልያት ብልዙብ ወጊኖም፡ ኣብ ሓደ ዱልዱል ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ተጠርኒፎም መራሒ ተራኦም ክጻወቱ ዝሓተተ። እዚ መልሲ ዝጽበ ዘሎ ሕቶ፡ ኤርትራውያን ዲሞክራስያውያን ብሕሉፍ ታሪኽ፡ ብህሉው ውድባዊ ቅርጻታት፡ ብሻልኦት ደረትቲ ኣተሓሳስባታት ከይተቐየዱ፡ ብግሉጽ ተላዚቦም ንፍልልዮም መዕለቢ ገይሮም ንቕድሚት ክስጉሙ ዘተባብዕ እዩ።

እቲ ብቕዓት ዘለዎ ዲሞክራስያዊ ህዝባዊ ሰልፊ ክምስረት ዝጸውዐ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ እምበኣር፡ ነቲ ኣብ ሃገርናን ኣብ ዓለምን ዘሎ ህሉው ኩነታት ብ ግቡእ ብምጽናዕን፡ ንህሉው ምጣነ-ሃብታዊ ዓቕምታት ህዝብና ብግቡእ  ብምግምጋምን'ዩ ንናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ ሓደ ካብ ታሪኻዊ ውሳኔታቱ ክገብሮ ዝመረጸ።